# ኣካዳሚ ኣመራርሓ መለስ ዜናዊ ሰልጠንቲ ኣመሪቑ



መቐለ፣ 1 ጳጉሜን 2011 (ጋዜጣ ወይን) – ኣካዳሚ ኣመራርሓ መለስ ዜናዊ ክልል ትግራይ፣ ብብርኪ ጀማሪ ኣመራርሓ ዘሰልጠኖም 424 ደቂ ኣንስትዮ ዝርከብኦም 1196 ሰልጠንቲ ትማሊ 30 ነሓሰ 2011 ዓ/ም ኣብ ኣዳራሽ ሓወልቲ ሰማእታት ኣመሪቑ። ናይ ሎሚ ስልጠና ኣብ ፍልጠት ሰልጠንቲ ስፍሕ ዝበለ ክፍተት ከምዘሎ ርዱእ ተገይሩ ዝተዳለወ ብምዃኑ ነቲ ክፍተት ዝመልእ ስልጠና ከም ዝተውሃበ ዋና ዳይሬክተር እቲ ኣካዳሚ ኣይተ ጎበዛይ ወልደኣረጋይ ገሊፆም።

መሰልጠንቲ ፅሑፋት ምስ ህልዊ ኩነታትን ተግባርን እንዳተዛመዱ ስለዝተውሃቡ እቲ ስልጠና ዝሓሸ ተሳትፎን ናብ ተግባር ክሽረፍ ዝኽእልን ዓቅሚ ብዝፈጥር መንገዲ እዩ ተኻይዱ ኢሎም። እቲ ስልጠና ከምቲ ኣብ ትልሚ ዝተቐመጠ ብመንገዲ ህንፀት ሰራዊት ልምዓት ዝተመርሐን ዕውትን እዩ ነይሩ ዝብል መደምደምታ ከም ዝተበፅሐ እውን ኣይተ ጎበዛይ ወሲኾም ሓቢሮም።

ብተወሳኺ ብዝነበረ ምቅልላስ ሰልጠንቲ ዝተቐራረበ ኣተሓሳስባታት ክህልዎምን ናይ ኣመራርሓ ጥበባት ንኽሕዙ ብተግባር ዝተደገፈ ስልጠና ስለዝነበረ ድማ ዘስርሕ ክእለት ኣመራርሓ ሒዞም ክወፁን ከምዝተኽኣለ

ኣብሪሆም። ኣብ መእተዊ፣ ማእኸልን መውፅእን እቲ ስልጠና ዝተኻየዱ ሳይንሳዊ ዳህሳሳት እውን ነዚ ዘመላኽቱ ከምዝነበሩ ገሊፆም።

